## ዝኽሪ መበል 15 ዓመት ናጽነት ኣብ ኣዲስ ኣበባ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**25.05.2006**

ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ኣዲስ ኣበባ ብ21 ጉንበት 2006 ንዝኽሪ መበል 15 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ዝምልከት ኣኼባ ኣካይዳ። ኣብዚ ብዝኽሪ ሰማእታት ኤርትራ ዝጀመረ ናይ መዓልቲ ነጻነት ኣኼባ ብወኪል ውድብ ኣብቲ ቦታ ንታሪኻውነት ነጻነት ኤርትራ ዝምልከትን ኣብ መጻኢ ቃልሲ ይጽበየና ንዘሎ መኸተ ዝእምትን ሰፊሕ ጽሑፍ ቀሪቡ። ብዘይካዚ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለን ሓላፊ ዞባ ኢትዮጵያን ብዛዕባቲ ኤርትራውያን ናብ ነጻነት ንምብጻሕ ዘሕለፍዎ መሪር ቃልስን ዝኸፈልዎ መስዋእትነትን ብዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ድሕሪዚ ተሳተፍቲ ኣብቲ ዝቐረበ ጽሑፍን ዝተዋህበ መብርሂን ተመስሪቶም ሕቶታት ኣቕሪቦም፡ ብዛዕባ መዓልቲ ነጻነት ዘለዎም ተዘክሮታት እውን ርኢቶታት ሂቦም። እቶም ተሳተፍቲ ብደረጃ ውድብና ሰውራዊ ባይቶ ኰነ ብደረጃ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ክዕመሙ ብዛዕባ ዝግበኦም ኣገዳስትን እዋናውያንን ጉዳያት ለበዋታት ኣቕሪቦም። ዝያዳ ኩሉ ድማ መጻኢ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና ዕዉት ንክኸውን ዝጀመርዎ ጻዕሪ ከም ዝቕጽልዎ ተሳተፍቲ ኣብዚ ኣጋጣሚ ድልዉነቶም ኣሕዲሶም።